ክላዓልዬ መንእሰይ ኖርወይ

ስቕ ኣይብልን ናተ.ሓርደ ሓወይ

ተስፋማርያም ወ/ጊዮርጊስ

31/01/2012 Norway

ኣብ ኖርወይ ተመስሪታ ሓዳስ ማሕበረ ሰብ
ካብ ፖለቲካ ነጻ ዝኾነት ንኹሉ ትስብስብ
ባህልናን ንድሕነት መንእሰያትናን ክትሓስብ
28/01/2012 ፈስቲቫል ጸዊዓ ደቃ ክትእክብ
ምስ ኣሕዋቶም ኣሓቶም ኣቑዲሞም

ክላለዩ

ሓቢሮም ክመያየጡ ምእንተ ህዝቦም

ክዓዩ

ህግደፍ መሰኽላባቶም ዘባላሸውዎ ከዐርዩ
ይኣኽለካ ወጊሑዩ ደርሆ ጽባሕና ኖቐዩ
ሕጅስ ንዓደይ የብለኒሎ ክብሉዮም

ዘምሰዩ

ኳይላ ተጀመረ መመረቕታ ሓዳስ ማሕበርና
መግለጫ ተሳኢንዎ ሕለሚ ድዩ ጋህዲ ጠፊኡና
ዓሰለ መንእሰይ ብየማነ ጸጋም ሻሕሉ ከቢቡና
ከምዝስ የለን ፍስሃ ወሰላምዩ ዝተሰማዓና
ነዚኦም ምስ ራእናስ ተበራቢሩ ፍናንና
ካብ ትሮንድሃይም ዋሓዙ ዑቑራት ሓይሊ
ሕጂዩ እዋኑ መን ምኳኑ ጸላኢሉ ከለሊ
ዋሓዙ ድማ ካብ ከባቢ ኦስሎ ብዕሊ
ካብ ሽወደንውን ነይረሙና ሓደ ሓይሊ
ነጻ ማሕበረሰብ ኤሪትራውያን ኣብ ኦስሎ
ዝኣክል መሪቕና ሓሊፍና ታይና ክንብሎ
ጡርኑፋት ሓይሊ ኮርዒዳ ሽማግለ ኦስሎ
ቀዳም ምሸት ኣምሲልኩማ ንህቢ ዝዓሰሎ
ንህግደፍ ርእሱ ኣሕቢጥኩሞ ክሳብ ዝኣኽሎ
ኣሰደሚሙና ምስ ረአና መንእሰይ

ክዕጠቑ

ደጊም ዓወትና ኣኺሉዩ ጸሓይና በሪቑ
ተሪፍኩም ዘለኹም ቅሮቡና ካባና
ኣይትርሓቑ
ምስ ህግደፍ ኣይትመራስሑ ሞያኹም
ኣጸብቑ
ኣይሰማዕካን ዲኻ መቕዘፍቲ ናይ ሲናይ
ኮላሊቱ ተጠቢሖ ዝሸየጥ ዘሎ ከም ብዕራይ
ዕድሉ ከፊኡ ድሕሪኻ ዝኾነ ሕሰም ግዳይ
እዚውን ይሓልፍ እናለ ሂወቱ ዘጥፍኣ ኣብሲናይ
ሕጂእውየሉ ከይትሓፍር ከይትጣዓስ ዳሕራይ
ካራን ሴፍን ስሒሎም ኣብ ሲናይ
ዝዓረዱ
መሻርኽቲ ህግደፍ ጨካናት ሰብ
ዝሓርዱ
ኮላሊት ሰብ ሸይጦም ገንዘብ ዘዋልዱ
ደም ሰብ እንተዘየፍሰሱ ዝሓሙ
ዝዓብዱ
ከምዚኦምዮም የዕሩኽ ህግደፋይ
ኣይግዱ
ነጻ ማሕበረ ሰብ ኤሪትራውያን ተተኺሉ
ብቆራጻት ኣባላታ ካብ ሓቂ ነቕ ዘይብሉ
ብትባዓት ዝተንስኡ ንህግደፍ ከፊሽሉ
ኣፍ ልቦም ገቲሮም ሸለብገልብ ዘይበሉ
ደቂ ሓራስ ነብሪ ዕድመ ሃብኩም ደውበሉ
ንቕድሚት ነጻ ማሕበረ ሰብ
ኦስሎ
ኤረና ኩሑሎ ሎም ዘመን
ሓዲኡሎ